# "እቲ ሓደ ብገርሁ፣እቲ ሓደ ብጉርሑ!

# ====/////=====/////====

**ኩቡራትን ክቡራንን፡**ንሕጂ ድማ ብዛዕባ ግደ ምሁር ከመይ ክመስል ከም ዘሎዎ ርዱእ እኺ ተኾነ ከም ኣብነት ግን ክልተ ሰባት ሒዘልኩም መጺአ ኣሎኹ።ንሱ ድማ እቲ ሓርበኛ ዓውደ ዲፕሎማሲ ዝኾነ ክቡር ሎሬንዞ ታእዛዝን ኩነ እቲ ናይ ሕማቕ ኣብነት ካብ ዝኾኑ ዘሎዉ ምሁራት ዝበሃሉ ድማ ዶ/ር ወዳጆነህ መሐረነ ዝምልከት ብጭልፋ ዝተናከፍ'ዩ።እዚ ጽሑፍ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦታት ተለጢፉ ምንባሩ ኸኣ ከዘካኽር እፈቱ።

#ኣብ ታሪኽ ዓለም ግደን ኣበርክቶን ምሁራት ማንም ሰብ ዘይስሕቶ ነገር'ዩ።ብሓቂ ድማ ግደን እጃምን ምሁራት ቀላስን ወሳንን ምኳኑ ዘየሻሙ'ዩ።



ከም'ቲ ኣብ ማእከል ስርናይ ክርዳድ ግድን ዝርከብ፣ኣብ ማእከል ብዙሓት ምሁራት ኸኣ ክርዳዳት ምርኣይ ንቡር ካብ ዝኸውን ጊዜ ኣይቀለሎን'ዩ።

ብዙሕ ክትንትን ኣይደልን'የ ግን ሓጺር ጽሑፍ ግድን ክጽሕፍ ተቀሲበ ብምህወይ ክሕንጥጥ'የ።

ንሱ ድማ ዶ/ር ወዳጆነህ መሐረነ ዝበሃል ክርዳድ ምሁር፣ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ መድረኽ ቀሪቡ ብዛዕባ ኩናትን ታሪኽ ምዕራፉን ክትንትን ተሰሚኡ'ዩ።ከም ሓደ መከምበቲ ኩናት ኢሉ ካብ ዘቕረቦ ድማ 'ረዲኤት ከም ዘይሓልፍ ምዕጻው'ዩ።' (ረዲኤት በመቆለፍ ጦርነት ማቆም ይቻላል!) ናብ ዝተሸገረ ህዝቢ ሀጹጽ ረዲኤት ንከይበፅሕ ዝገብር እከይ ሓሳብ'ዩ ሂቡ።



እዚ ምኽረ-ሓሳብ'ዚ፡ንሰማዒው ዘድውንጹ ተርጊ ዝኾነ ሓሳቡ ኣማን ብኣማን፣ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ሓሳብ ተጠሊዑ ክምስምስ እናበለ ምቕራቡ'ዩ።ብዛዕብ'ኡ ብዙሕ ክጽሕፍ ምስ ከኣልኩ ግን እዚ ንሎሚ እኹል'ዩ።

ናብ ሓርበኛ ዲፕሎማሲ ዝኾኑ ዓቢይ ምሁር ሎሬንዞ ታእዛዝ ምስ ነልዕል ድማ ንልብኻ ዘርስርስ እማን ዕዮ-ሓደ ምሁርን ሓላፍነት ዝስምዖ ሰብን ዝኾነ ታሪኽ ኣሕጽር ኣቢለ ከውስኣልኩም እፈቱ።



#ቕድሚ 10 ዓመት ኣቢሉ፡ንሓደ ሹምባሽ ስብሓት ተስፋይ ዝበሃሉ -(ሕጂ ብህይወት ተሃልዮም ወድ 115 ኣቢሎም ይኾኑ ኢዮም) ብዛዕባ ሎሬንዞ ታእዛዝ፣ ከም ወድ ዓዲ ቀይሕን ከም ብኣካል ዝፈልጥዎ ሰብን ኣብ ዕላልና ሓደ ነጥቢ ኣዒሎሙለይ ነበሩ።ንሱ ድማ ብዛዕባ ቀዳማይ ወያነን ድብደባ ኣየርን ዝምልከት ነበረ።

"ቀዳማይ ወያነ ቕድሚ 78 ዓመት ኣብ ዝተልዓለሉ፡ስርዓት ሃይለሥላሴ ምስ መንግስቲ ኢንግሊዝ ተሓባቢሩ ንመቕለ ብኣየር ክድብድባ ከሎ፡ካብቶም ብትሪ ዝተቛወሙ ሎሬንዞ ታእዛዝ ምንባሮም ዝገልጽ'ዩ።ብሰንኺ እዝን ካልእን ተመሪዞም ሞይቶም ይኾኑ ኢዮም ዝብሉ ምሁራት ታሪኽ ኣሎዉ ኢዮም።(ሓሪቶም እንታይ ከም ዝገበሩ-ክሓስቦ ከለኹ ይገርመኒ'ዩ-እዚ ደሓን ከይሰፍሓኒ መኣንታን፡ንካልእ ጊዜ ኣብ ዝጠዓመኒ ክጽሕፎ ክፍትን'የ-ኣምላኽ ይርደኣኒ!)

#ሎሚ ድማ ምስ ተመራማርን ጸሓፍን ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ንክልተ ሰዓትን ፈረቓን ኣቢሉ ኣብ ዝነበረና ወግዒ-ታሪኽ፡ነዚ ታሪኽ ክቡር ሎሬንዞ ታእዛዝ ደገሙለይ።ብሓቂ ድማ ምሁር ማለት ኣንጻር ዓመጽን ዓሰዓንደን ደው ዝብልን ንፍትሕን ደሞክራስን

ዝቀውምን ከኸውን ከሎ ጠስሚ ልብካ ትሰትይ ኢኻ-ከም ዶ/ር ወዳጅነህ ዝኣመሰሉ ድማ እግዚኣብሔር ይቕረ ይበሎም ኢልና ክንሓልፎም ምስ ፈተና ግን ብሕገ-ምድሪ (ብዓለማዊ ሕጊ) ዝሕትት ብምኳኑ ንጊዜ ንሓድጎ ኣሎና።

እምበኣር ካብ ንሕማቕ ምድማቕ፡ንጽብቕ ምብራኽ ይሓይሽ እሞ ንክቡር ሎሬንዞ ታእዛዝ ከምታ ብደመ-ነፍሰይ ካብ ብቀልዓይ ዝፈትዎም፣እንሆ እናሓደረ ዘኲርዕን ዝሕብንን ታሪኾምን ግብርታቶም መመሊሹ ከም ብሓዊ ዝሓለፈ ወርቂ ይኹላዕ ኣሎ።ኣምላኽ ኣብ ዝፋኑ ይቐበሎም ድማ እብል።ንየየምን ንሰናይ ግብርታቶምን የማስለና!

እዛ ትስዕብ ድማ ኣብ ወርሒ ሰነ ካብ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ተለጢፋ ዝነበረት ኢያ።

## እቲ ሓያል ዲፕሎማሰኛ ሎሬንዞ ታእዛዝ



"ከም ሎሬንዞ ታእዛዝ ዓይነት ዲፕሎማት ኢ/ያ ርእያ ኣይትፈልጥን'ያ።ብፍላይ ኣብ ታሪኽ ተዛረብቲ ትግርኛ መዳርግቲ ኣልቦ-ዲፕሎማት ሎሬንዞ ታእዛዝ ሰብ'ዩ።"-ቃል ክቡር ዶ/ር ኪሮስ ሙሉ መኰነን ኢዩ።

#ብዛዕባ ክቡር ሎሬንዞ ታእዛዝ ቀልዓ ከለኹ ዛንትኦም እሰምዕ ነበርኹ።ብፍላይ ንሹቕ ኣደይ ልኢኻትኒ ክኸይድ ከለኹ-ብጎደና ሎሬንዞ ታእዛዝ ክሓልፍ እቕሰብ ነበርኩ።

እንሓንሳብ ፈረንጂ ይመስሉኒ ምንባሮም ኣብ ሕዮይ ዝቕጀለኒ ስእልታት ዝኽሪ ኣሎ-ግን ሳላ ጋዜጣ ሕብረት ሓበሻ፡ንፉዕ ኢትዮጵያዊ ድፕሎማት ምኳኑ ክጽሕፉ ከነንብብ ብምብቃዕና ንእለቱ ጊዜ ከይወሰደ ክስወጠና ጀመረ።

ብዛዕባ ሎሬንዞ ታእዛዝ ንክፈልጥ ኢለ ካብ ዝነቕል ዋላ እኳ ጊዜ ተዘይቀለለ-ምስጥር ዝፈልጥን ታሪኾም ግርም ገይሩ ዝመርመረ ግን ዳርጋ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን'ዩ።

ትማሊ መዓልቲ ግን ፈላጥ ታሪኽን ተመራማርን ዝኰኑ ክቡር ዶ/ር ኪሮስ ሙሉ፡ሓሚሞም እኳ ተነበሩ ብዛዕባ ታሪኽ ክዕልሉኒ ዓሊመ ምስኦም ኮፍ ክብል ተቐሰብኹ-ሻቡ ጉዳይ ሎሬንዞ ታእዛዝን ጉዳይ ኣማውትኡን ቀልዑት ኮይና፡"እዛ ብርኩታ ገለ ኣለታ!" ክበሃል ንሰምዕ ነይርና ኢና-እሞ "እንታይ ትብሉኒ ኣሎኹም፧'- ብዝበልኽዎም።

ንሰም ድማ ጉዳይ ኣማውትኦም ኰነ ምስ ሞቱ ኣብ ሥነ ስርዓት ቀብሮም፡ክብርቲ በዓልቲ ቤቶም ዘልቀስኦ ልቅሶ ብከፊሉ፡ምስናይ ስምዕታኣን ነገሩኒ።እቲ መርፍእ ዝወግኦም ድማ መን ምኳኑ ጸወዮሙኒ ኢዮም።




እዚታት ድሕሪ ሕጂ ኣብ ዝጽሕፎ ጽሑፈይ ክሰፍሮ ኢየ-ንፈጣሪ እምብዛ ብምምስጋን ንእግረ መገደይ ንዶ/ር ኪሮስ ሙሉ ብዙሕ ዝፈልጥዎን ዝመርመርዎን፡ከካፍሉኒ ፍቓደኛ ብምኳኖም ብልቢ ከማስዎም እፈቱ።

ቀዳም መዓልቲ፡ዕለት 23 ወርሒ ሰነ 1892 ዓ/ም ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ-ዓዲ ቀይሕ ዝተወልዱ ሎሬንዞ ታእዛዝ-ሓሙስ መዓልቲ ዕለት 20 ሰነ 1939 ዓ/ም ኣቆጻፅራ ምድረ-ሓበሻ-ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝሞቱ ክኾኑ ከለዉ፡ኣብ ዓውደ ሞያ ዲፕሎማሲ ሰፍ ዘይብል ዕዮ ዓሚሞም፡ሓወልቲ ዲፕሎማሲ ዝተኸሉ ዉፍይ ወከፍ ኢዮም ነይሮም።

እንሆ ድማ ታሪኽ ጭራሽ ስለ ዘይመውት፣ታሪኾም እናሓደረ ይዝከርን ይለዓልን ኣሎ።

[#ሓርበኛ](#) ዲፕሎማሲ ዝኰኑ ክቡር ሎሬንዞ ታእዛዝ፡ብዝሞቱ ኣብ ጋዜጣ "ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ"፣ኣብ ጋዜጣ ድምፂ ሓማሴን፣ጋዜጣ ኤርትራ ድምፅን ካልእን ዝወጹ ጽሑፋት ክረኽብን ምስክራት ታሪኮም ዝኰንኩምንን ሰንዳት ክወከሰሉ ዝመጠኩምኒ ኹልኩም ብልቢ ኤመስግን።

እዚ ሰሙን እዚ፡ሎሬንዞ ታእዛዝ ካብ ዝውለዱ፡121 ዓመትን ካብ'ዛ ዓለም ካብ ዝሓልፉን ድማ እንሆ 74 ዓመት ገይሩ ብምህላዉ፡ቀኣንጫል ዝክሮም ክኾነለይ፡ብኣኽብሮት ክገልጽ እፈቱ።





#ብኣብራሃም ብርሃነ